# ራእይ ዮሃንስ

## ቀዳማይ ትምህርቲ

### መእተዊ

አቐዲምና ንነዊሕ እዋን፣ "ንኣምን ብስላሴ" ብዚብል ኣርእስቲ፣ ብዕስራን ሓሙሽተን ተኸታታሊ ትምህርትታት ዓሚምናዮ። ካብዚ ቐጺልና፡ ነታ ናይ መወዳእታ መጽሓፍ ናይ ሓዲስ ኪዳን፣ ራእይ ዮሃንስ፣ ብተኸታታሊ ትምህርትታት ሓቢርና ኽንምሃራ ኢና። እሞ፡ እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ተሰፋኡ፡ ብመንፈስ ቅዱስ፡ ነዚ መጽሓፍ እዚ ኪኸስተልና ናይ ዘወትር ጸሎትና ይኹን። ብፍላይ ድማ ንኣይ ጸሎትኩም የሰንየኒ። ነዚ ጸዓት እዚ ዘድሊ ጥዕና ናይ ኣካላትን ምስትውዓል ናይ እኣምሮን ከምኡ'ውን ኣገባብ ናይ ምብርካቱን ንኣኻትኩም ምእንቲ ኽዕደለኒ፡

ኣተስፍዩና ኣሎ፡ ከምዚ ኢሉ፡

> እቲ "ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዚፍሳህ፡ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። ንሱ ኸምታ ፍሬኣ በብግዜኣ እትህብ፡ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ፡ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኸለት ኦም ይኸውን። ዚገብሮ ኹሉውን ይሰልጦ።" (መዝ 1፡1-2)

ብዝከኣል መጠን ነዚ መጽሓፍ እዚ ብደኾናዊ ኣገባብ (ስትራክቸር) ክንምሃሮ ኢና። እዚ ማለት እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ናይ እቲ መጽሓፍ እንታይ ምዃኑ ብምምልካት፡ ነቲ ምስኡ እተቛረነ ንኡስ ትምህርትታቱ ብምምልካት፡ ነዚኸ በኸመይ ዝበለ ኣገባብን ቅድን ኣበርኪትዎ ብዝብል ምርዳእ ክንምልከቶ ኢና። እዚ ማለት፡ ከመይ ኢሉ ኩሉ ኣብቲ ቀንዲ እቲ መልእኽቲ ተጋጢሙ ከም ዘሎ ክንርእዮ ኢና።

እስከ ብዛዕባ እቲ ኽንንዓምሞ ተበጊስና ዘሎና ኣፋፍናት ይሃልወና።

1. ናብ ምትንታን ናይ ጥቕስታት ናይ ራእይ ዮሃንስ ቅድሚ ምእታውና ኣቐዲምና፡ ኽንቀስሞ ዘድሊ ሓፈሻዊ ነጥብታት ብዛዕባ እቲ መጽሓፍ ነስተብህል።
   - 1.1. እቲ ጸሓፊ ናይ ራእይ ዮሃንስ መን እዩ?
   - 1.2. ንመንከ እዩ እቲ መጽሓፍ ተጻሒፉ?
   - 1.3. ንምጽሓፉ መንቀሊ ዝኾኑ ዅነታትከ ነይሮምዶ?
   - 1.4. ምኣስን ኣበይን ከእዩ ተጻሒፉ?
   - 1.5. እንታይ መልእኽቲ ከተሓላልፍከ እዩ ተጻሒፉ?

2. ፍሉይ ኣተኵሮ ናብቲ ቀንዲ መልእኽቲ ናይ ራእይ ዮሃንስ፡

3. ደኾን እቲ መጽሓፍ። እዚ ማለት እቲ መጽሓፍ ከመይ ኰይኑ ተደኲኑ ወይስ ተጋጢሙ ከም ዘሎ ክንምልከቶ ኢና።

4. ትንታኔ ናይቲ መጽሓፍ።
   - 4.1. መእተዊ ናብ ራእይ ዮሃንስ (1፡1-8)
   - 4.2. ቀዳማይ ራእይ፡ እተን ሸውዓተ ማሕበራት እስያ (1፡9-3፣22)
   - 4.3. ካልኣይ ራእይ፡ ተኸታታሊ ፍርዲ ኣብ ዓለም (4፡1-16፡21)
   - 4.4. ሳልሳይ ራእይ፡ መፈጸምታ ፍርዲ (17፡1-21፡8)
   - 4.5. ራብዓይ ራእይ፡ ናይ ዘልኣለም ከተማ (21፡9-22፡5)
   - 4.6. መዛዘሚ (22፡6-21)

5. ካብ ትንታኔ ናብ ትርጉምን ትምህርትን ካብ ራእይ ዮሃንስ እንምሃሮ ንኣቱ፡-
   - 5.1. ትዕዝብትታት፡
   - 5.2. ርክብ ናይ ራእይ ዮሃንስ ምስ ብሉይ ኪዳን፡

5.3. ትምህርተ ክርስቶስ ናይ ራእይ ዮሃንስ፡
5.4. ትንቢታዊ ባህሪ ናይ ራእይ ዮሃንስ፡
5.5. ትእምርታዊ ባህሪ ናይ ራእይ ዮሃንስ፡

6. መልእኽቲ ራእይ ዮሃንስ ንዘበንና ንኹሉ ዘበናትን፡

መደብ ዕማምና ነዊሕ ጊዜ ዝወስድ እዩ። ኩላትና ዓጢኽና፡ ብጸሎት ነቒሕና ንእተዎ። ንምእዛዝ በቲ ቃሉ ዘብርሃልና ድማ ድሉዋት ንኹን ምእንቲ በረኸቱ ክንረክብ።